ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ መደበኛ በጀትን One Wash ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 4, 2018 (ቅድሚ 12 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 19, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 20, 2018 4:30 ደ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ቁፅሪ ፋ/ም/ሃ/07/ግ-ጨ/01

ዕለት 04/03/2018 ዓ/ም

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቑፅሪ 01/2018 ዓ/ም

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ መደበኛ በጀትን One Wash ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣ ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቑፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ንተወሳኪ እሴት ታክሲ / VAT ዝተመዝገበ፣VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ መስከረም/2018 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቐረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ሰዓራይ ዝኾኑ ተጫረቲ 3% withholding tax እና Vat በቲ መምርሒ መሰረት ብዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ተቆሪፁ ዝተርፍ ምካኑ፣

5. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ

በቲ ዝተሓተተ እስፔስፍኬሽን መሰረት ከቅርብ ዝኽእል ፣

6. ተጫራቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሽምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርብ ዝኽእል፣

7. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ፣ ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

8. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 200.00/ ክልተ ሚዒቲ ቅርሺ ጥራሕ/ እናኸፈልኩም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ካብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዳ/ዳሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቐፅሪ 2-19 /2-01 ካብ 04/03/2018 ዓ/ም ክሳብ 18/03/2018 ዓ/ም ሰዓት 10፡30 ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል፣

9. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ብር 25,000.00/ ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕ ብር ጥራሕ ብሸም ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን /Bureau of finance & Resource : Coordination/ ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፣

10. እቲ ጨረታ ዕለት 19/03/2018 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4፡00 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 4፡30 ቅ/ሰዓት ኣብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቐፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

1. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

12. እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቅንስ/ክውስክ/ ይክእል እዩ።

13. ሰዓራይ እቲ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቐሑት ድማ ብበዓል ሙያ ኣይስቲ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

14. ንዝበለፀ ሓበሬታ ሞባይል ቐፅሪ 091477563 ደዊልካ ምሕታት ዝካኣል ምኟኑ ንሕብር ።

ምስ ሰላምታ

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ክልል ትግራይ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle